ምንቲ መጒኅ ትሕለፍ ኣንጭዋ!
ኣንትርፎ ስቅያት ዘአምጽእ ራህዋ!

ብዙሕ ኣይንቀንዞ ኣይበለና ስኽፍክፍ
ንመን ነቒፍና ንመንከ ክንገድፍ
ግቡእና እኮ'ዩ ሕመቓትና ክንትንክፍ
ዘሕፍር ኣይኮነን የብሉን ዘሰክፍ
ክንቀፍ'ውን ይግባእ ንቓልስና ዝዕንቅፍ
ንነብስና ኣይንወድሶ ከም ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.።

ርእይቶ ካልእ ዘይጸሩ ብዘይካ ንሶም ዝብልዎ
ደገፌታዊ ነቐፌታ ከም ጸለመ ዝሓስብዎ
ቀሚሽ ኣደይ ሓንኰሉኒ ግደፉዎ
ተሳኒኹም ተጸዋዊርኩም ንህዝቢ ኣድሕኑዎ
እቲ ፍርዲ ግና ንሓፋሽ ግደፉዎ።

ብዘይካ ውዳሲ ዘይትፈትው ነቓፊ
ይተኣረም ምባል ካብ ተሃስበ ጸርፊ
እንታ'ዩ ኮይኑ ዝኾነኩም ጸድፊ
ውደስ ኣይትፍተዉ ከም ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ቀጣፊ
ውድባት ይኹና ዋላ ሰልፊ
ኵሉ ሓላፊ'ዩ ታሪኽ'ዩ ተራፊ።

ንኣራሚ ነቐፌታ ክሰምዑ ዘይደልዩ
ካብ ሕጂ ምቅላሶም'ዩ ብመንፈት ይነፈዩ
ሑጻ ከይተርፍ'ውን ይበቈጽ ተኣርዩ
ሰራውር ከይተርፍ'ውን ይመንቈስ ተማሕዩ
ከይትነቕፉና ከይትትንክፉና ምባል ግን ንዕቀት'ዩ።

ነቐፌታ ምቓብል ናይ ሰውራውያን ባህሊ
ዝተጸመምናዮ ይኣክል ዝተገብረ ዓቕሊ
ስልጣን ናይ ህዝቢ'ዩ ኢሉኮ ኢሰያስ ገሊጹ'ዩ ብዕሊ
ሽዑ'ዩ ህዝቢ ተገሪሁ ብኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. መሃመሊ
ዝተማባጽዖ ዘይተግብር ቊጥሚ መታለሊ
መደናገሪ ሓሳዊ! ማይን ጸባን ዝፈላሊ!
ንጕዱ ሓቢኡ ብጐረባብቲ መዕለሊ
ስልጣን ሓፋሽ መንጢሉ ዝመጸ ብሓይሊ
ብህዝቢ ዘይተመርጸ ዘይወደቐሉ ቈጽሊ።

መሰል ውድባትን ውልቀ-ሰባትን ይተሓሎ
ያኣክል የብቅዕ ምቅብባእ ጸለሎ
ኣብ ሕሉፍ ጕዕዞና ዘኣተውልና ሰለሎ
ሕጂ'ውን ይተኣረም ንለውጢ ንዳሎ
ብኹሉ መዳያቱ ዘይብሉ ጐደሎ
ክምብል በለም'በር ኣይተኻዕወን ዘሎ።

ሰብ ርእይቶኡ 'ተጽሓፈ ትርጕማት ተውጽኡሉ
ኣብ መርበብ ሓበሬታት ከዝርጋሕ ጐስጓሳት ተካይዱሉ

ህዝቢ ኣንቢቡ ርእይቶኡ ከይህበሉ ከይመያየጠሉ
መርበብ ሓበሬታታት'ውን ንሞያኹም ብግቡእ ተጠቐምሉ
ኣባሃህላ ጽሑፈይ ኣይምልከትን ንኹሉ
ነቶም ጽሑፋት ተሰዲዱሎም ጥራይ ዘይቅበሉ
ነቐፌታ ከይህሉ ዝከላኸሉ
ዘይተረዳእናዮ ድኣ ተጽዕኖ ከይህሉ
ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን ደራሲኡ'ዩ ዝሕተተሉ
ኣይትዕበጡዎ ህዝቢ ይካትዓሉ
ዝተሰደደልኩም ጽሑፋት በጃኹም ንህዝቢ ዘርግሑሉ
ባዕሉ እቲ ህዝቢ ነቐፌታኡ ወይ ድጋፉ ይሃበሉ።

ፍቕርን ስኒትን ንህዝብና!
ውድቀት ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.!
ዝኽርን ክብርን መጉስን ንስውኣትና!
ገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን (ቈሪጩ)
12 ሕዳር 2009 ዓ.ም.